## <u>ሕጊ ስደት ዝጠሓሰ ወፍሪ ዓያሹ!</u>

ኣብ ስደት ሰሪሑም ነብሶም ክንዲ ዝኽእሉ፡
ጽጉማት ስድራቤቶም ክንዲ ዝረድእሉ፡
ተማሂሮም ፍልጠት ክንዲ ዝቐስምሉ፡
ኣዋህሊሎም ዓዶም ክንዲ ዝምለሰሉ፡
ኣእማን ምድርባይ እንታይ ኣምጽኦ ስራሕ ዓዋሉ።

ዓላማ ቢስ እኩባት ዓያሹ፡
ብጭንቀት ኣእሙሩኦም ዝመሽመሹ፡
ቁምነገር ከይገብሩ ዝጠፈሹ፡
ንእስነቶም ብዕጸፋርስ ኣልኮሆል ዝሓሸሹ፡
ግዚኦም ዘሕለፉ ሂወቶም ከየማሓየሹ።

ሕጊ ፖሎቲካ ዘይርድኦም ሕሱራት፡
ብስነ-ሓሳብ ለኣኽቶም እሱራት፡
ማርቲን ፐላውት ዘምልኹ ዕዉራት፡
ሚርያም ሸን ማርያሞም ዱፉናት፡
የለን ገበን ጌርካ ነጻ ዝሰድድ ስርዓት።

እዞም ሃሱሳት ካብ ታሪኽ ዘይመሃሩ፡
ጻዕዳ ኣሚኖም ናብ ህዝቦም እምኒ ዝውርውሩ፡
ይኹኑ እምበር መብዛሕትኦም ተጋሩ፡
ኣለዉ ኤርትራውያን ብወገን ዝሰኸሩ፡
ኣብዚ ጉዕዙይ ወፍሪ ሓቢሮም ኣእማን ዝወርወሩ።

ኤርትራዊ መንእሰይ ኣስተውዕል ንቓሕ፡
ኣብ ውሽጥኻ ኣለዉ ከብሉኻ ፋሕፋሕ፡
ኣተሓሳሰባኻ ይስፋሕ ይብላሕ ይግፋሕ፡
ስደት ተጠቐመሉ ተመሃር ስራሕ፡
ምኽንካ ኣይትረስዕ መራሒ ናይጽባሕ።